AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ምስ ቈልዑ ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ሕማም ተዛረብ

## ሓበሬታ ነቶም ናይ ኣእምሮ ጸገም ጥዕና ዘለዎ ቈልዓን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ካልኦት ውሉዳትን ዝናብዩ ወለዲ።



## ኣሕዋት ተሳትፎ ኪህልዎም ይግባእ

ካብ ኣገልግሎት ሕክምና ኣእምሮ ቈልዑን መንእሰያትን (BUP) ሓገዝ ዝረክብ ሓብቲ ወይ ሓው ዘለዎም ቈልዑ ናይ ቀረባ ኣሕዋት እዮም፣ እዚ ድማ ነቶም ብስጋ ኣሕዋት ዝኾኑ፡ በኣደ ወይ በኣቦ ኣሕዋት ዝኾኑ፡ ብርዕመት ዝዓብዩ ኣሕዋትን ኣሓትን ዚምልከት እዩ።

ሓደ ሰብ ኣብታ ስድራቤት ምስ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት ክቃለስ ከሎ፡ ስድራቤት ብሓባር ክዛራረቡ ኣገዳሲ እዩ፡ እቶም ኣሕዋት እቲ ዝሓመመ ሰብ ድማ ብዛዕባ ስምዒታቶም ዝዛረብዎ ሰብ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ። እቶም ኣሕዋት ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኹነታት ዝያዳ ምስ ተረድኡ፡ መዓልታዊ ህይወቶም ውሑስ ክኸውንን እንታይ ትጽቢት ክገብሩ ኸም ዘለዎም ኪፈልጡን ክንሕግዞም ንኽእል ኢና። ኣቓዲምካ ክትፈልጥ ምኽኣል ኵሎም ቁልዑን መንእሰያትን ዘድልዮም ነገር እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ፡ ንብዙሓት ኣጋጢሚ ክኾኑ ኸም ዝኽእል ኵነታት ብኸመይ ክትዋጽኣሉ ከም እትኽእል ዝሕብር ሓበሬታን ምኽርን ንዓኻን ንስድራኻን ክትረክብ ኢኻ።

ሓደ ሰብ ምስ ናይ ጥዕና ጸገማት ይቃለስ ምህላዉ ዋላ ሓንቲ ጌጋ የብሉን። ብዙሓት ቆልዑን ወለድን፡ "ሓደ ካብቶም ቆልዑ ምስ ናይ ጥዕና ጸገማት ይቃለስ ምህላዉ ናተይ ጌጋ እዩ" ኢሎም ይሓስቡ ይኾኑ፡ ወይ ከኣ እቶም ኣሕዋት፡ “ኣነ ጽቡቕ ገይረ ስለ ዘይሓገዝኩ እዩ” ኢሎም ይሓስቡ ይኾኑ። ጽቡቕ ዝርርብ ወይ ዕላል ምግባር፡ ቅድሚ ሕጂ ሓሲብካሉ ዘይትፈልጥ ጽቡቕ ፍታሕ ናብ ምርካብ ክመርሓካ ይኽእል እዩ።

ግሉጽነት ወይ ብናጻ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ኵነታት፡ እቶም ስድራ ቤት ብሓባር ክኾኑ ዘኽእሎም ጽቡቕ መገድታት ክረኽቡን ኣብ ጽቡቕ መዓልታት ብሓባር ደስ ዘብል ነገራት ክገብሩን የቕልለሎም እዩ።

“ምስ ሕዱር ጭንቀት እቃለስን ኣብ BUP እሳተፍን እየ። ሓደ መዓልቲ፡ እታ ጓል 11 ዓመት ንእሽቶ ሓብተይ ንኣደይ ክመውት ከም ዝደሊ ክነግራ ሰሚዓትኒ። ሽዑ ንእሽቶ ሓፍተይ ክትበኪ ጀሚራ፡ ኣዝያ ድማ ፈሪሃ፣ ኣዝዩ ዘሰምብድ ኰይኑ ተሰሚዕዋ። ከመይ ከም ዝስምዓኒ ንምግላጽ ኣጸጋሚ ይመስለኒ፣ ስለዚ ንእሽቶ ሓፍተይ ዘዛርባ ሰብ እንተ ትረክብ እምነ፣ ምኽንያቱ፡ ከመይ ከም ዝስምዓኒ መታን ክትርዳእ፡ ካብ BUP እውን እንታይ ሓገዝ ከም ዝረክብ መታን ክትፈልጥ፣ በዚ ኸምዚ ድማ፡ ምናልባት ብዙሕ ኣይትፈርህን ኣይትርበሽን ትኸውን”።

*ጓል 15 ዓመት*

### ኣስተብህል

- ቈልዑን መንእሰያትን ወለዶም ብዛዕባ ሓደ ኣብ ስድራቤቶም ጸገም ዘጋጥሞ ዘሎ ሰብ ብናጻ ከዛራርብዎም ከለዉ እቲ ኹነታት ይቐልለሎም እዩ
- ከም ንቡር፡ ወለዲ ኣብ ህይወት ደቆም ኣገደስቲ ሰባት ክኾኑ ከለዉ፡ ቈልዑ እውን ከም ንቡር ኣብ ህይወት ወለዶም ኣገደስቲ ሰባት እዮም

Brosjyren er laget av Akershus universitetssykehus (Ahus) og kommunene i Helsefellesskapet. Illustrasjoner laget av Tank Design, tank.no



Helse-fellesskapet
Ahus og kommunene

UNIVERSITETET I OSLO

